ምልክታ.ኮም

ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ንአገልግሎት እቲ ቤት ፅሕፈት ዝዉዕሉ ኣቕሑት ኤሌክትሮኒክስ ካብ መደበኛ በጀት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደለ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥሪ 30, 2018 (ቅድሚ 10 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 10, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20000
- ቦታ:ዓዲግራት
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 10, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 ናይ ዘመኑ ግብሪ ዝከፈልኩም በቲ ዘፍር ዝተሐደሰ ፈቃድ ንግዲ ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትክእሉ

2 ናይ ነጋዳይ መፍለይ ቁፅሪ ክተቅርቡ እትክእሉ

3 ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት ወረቀት ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትክእሉ

4 ንተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብክምሉ መረዳእታ ናይ ወርሒ ታሕሳስ 2018 ዓም ሒሳብ ዘፍለጥቅመሉ መረዳእታ ማለት ዲክለሪሽን ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትክእሉ

5 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት 25/5/2018 ክሳብ 9/6/2018 ዓም ሰዓት 11:00 ዘይምለስ 200 ቅርሺ እናከፈልኩም ካብ ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራትን ከይዲ ስራሕ ትልምን በጃትን ፋይናንስን ዕደጋ ንብረትን ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 102 ምዉሳድ ትክእሉ

7 ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምካፈቱ መከበሪ ጨረታ 20000 ቅርሺ ብቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ስም ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከትሕዝ ዝክእል

8 ሰንዱቅ ጨረታ 10/6/2018 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓሺጉ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ኣብ ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክብሉ ይክፈት እንተዘይተረኪቦም ግን ንምክፋት ዝዓግቶ ነገር የለን

9 ዝምላእ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝሐወሰ ክከዉን ይግባእ

10 ኣብቲ ዝተመለአ ዋጋ ብዛዕባ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዘይተገለፀ እንተኮይኑ እቲ ዝተመለአ ዋጋ ምስ ቫቱ ከምዝተመለአ ኣብ ግምት ይኣትዉ

11 እቲ ቤት ፅሕፈት 20 ሚእታዊ ክዉስክ ወይ ክቅንስ ይክእል እዩ

12 ሰዓራይ ዝሰዓሮ ንብረት ናብ ቤት መዛጋጃ ዓዲግራት ካልኣይ ደበሪ ቢሮ ቁፅሪ 203 ከረክብ ዝክእል

13 ኣብ ነብሰወከፍ እቲ ሰነድ ናይቲ ትካል ማህተምን ፊርማን ክግበረሉ ይግባእ
14 ብተወሳኪ ተጫራታይ ሰነድ ጨረታ ዋናን ቅዳሕን ነንበይኑ ዓሺጉ ናብ ጨረታ ሳንዱቅ ከእትዉ ዝክእል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

15 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ 0920761693 / 0914730881

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle